# ፈቲቫል ጀርመን ኣብ ከተማ ጊሰን ብውዕውዕ መንፈስ ተዛዚሙ

ፌስቲቫል ጀርመን ብዕለት 7 ሓምለ ጀሚሩ ክሳብ 9 ሓምለ ክካየድ ዝጸንሐ ብውዕውዕ መንፈስ ተዛዚሙ።

ዓርቢ ምሸት ኣብ ሄሰን ኣደራሽ ጊሰን ሚኒስተር ዑስማን ብወግዒ ከፊትዎ። እቲ ኣደራሽ በዘን ወሓላሉ ኣሕዋትና ተሸሊሙን ወቅቡክን ክትርእዮ ክንክሎኻ ጌና ነቲ ተሰሪዑ ዘሎ መደባት ከይረአኻ እንቋዕ መጻእኩ ዝብል ባህታ ይፈጥረልካ። እቲ ስሩዕ መደብ ምስ ረአኻዮ እሞ ሓጎስ ይስምዓካ።

ብድሕሪኡ በቶም ውሩያት ኣባላት ባህሊ መንእሰያትን ካብ ኤርትራ ዝመጹ ወናማትን ውሩያትን ጉጅለ ባህሊን እንዳ ተበራረዩ ክሳብ ሰዓት 5ተ ናይ ንግሆ ንህዝብና ከላህይዎ ሓዲሮም።

ኣብ 4ተ ኣደራሻት ንመንእሰያትን ህጻናትን ዓበይትን መደባት ተሰሪዑ ነይሩ፣ እዚ ዓመት ብዝሒ ህጻናት ነይሮም። መንእሰያት ናይ ህጻናት ሞያ ዝቐሰማ ብሓላፍነት ተመዲበን ነቶም ህጻናት ከም ድላዮም ከዘናግዕዎም ቀንዮም። ወለዲ ንደቆም ብሓላፍነት ኣረኪቦም ኣብ ዝተፈላለዩ ኣደራሽ እንዳኸዱ ከይተሰከፉ ክዘናግዑ ቀንዮም።

ሰንበት ሰዓት ኣኺሉ ወለዶም ነቶም ህጻናት ጸዊዖም ክወስድዎም እንከለው ሕንቕንቕ እንዳበሉ ካብ'ቲ ኣደራሽ ወጺኦም። ምኽንያቱ ኣብዘን ዝነበራ 3ተ መዓልቲ ምስ መዘንኦም ክጻወቱን ከዕልሉን ክላለዩን ቀንዮም ምፍልላይ ንዕኦም ሞት ኮይኑ ተሰሚዕዎም።  ስለዚ እቲ ተሰሪዑ ዝነበረ መደብ ብጣዕሚ ዕውትን ዘዕግብን ከም ዝነበረ ህጻናት ከይተረፉ ኣስተማቒሮሞ።

ናይ ህጻናትን መንእሰያትን በብዕድሚኦም ውድድር ስነፍልጠት ነይሩ እዚ ንብዙሓት ወለዲ ኣቃልቦ ስሒቡ። ነቶም ዕውታት ዝኾኑ ህጻናትን መንእሰያትን ሽልማት ተዋሂቡ።

ናይ ስነጽሑፍን ግጥምን ውድድር ተኻይዱ። ዕውታት ሽልማት ረኺቦም።

ኩሉ ኣደራሽ ልዕሊ ዓቕሙ መሊኡ ነይሩ ተሳተፍቲ ፌስቲቫል ልዕሊ 3000 ነይሮም። ለንዘበን ተሳተፍቲ ፌስቲቫል ብዝሒ መንእሰያት ብምንባሮም እቲ ፌስቲቫል ዕውት ነይሩ ክበሃል ይከኣል። ብፍላይ እዞም ሓደስቲ ዝመጹ መንእሰያት ኤርትራውያን ምስ እዞም ኣብዚ ዝጸንሑ መንእሰያት ተወሃሂዶም በቲ ዘርኣይዎ ናይ ስራሕ ተኻፋልነትን ስነስርዓት (ድሲፕሊን) ናይ ብሓቂ ክምስገኑ ዝግብኦም ኣዩ። እዚ እዩ ድማ ኤርትራዊ ባህልን ጭዋነትን።

ሃማድኤ 3ተ መዓልቲ ደኺምና ከይበላ ኣብ መግቢ ምስራሕን ምቕራብ ነዚ ተጠቒሱ ዘላ ኣሃዝ ኣዐንጊለንኦ፣ ለንዘበን መንእሰያት ደቂ ኣንስቲዮ ኣብ ጐኒ ኣዴታተን ሃማድኤ ደው ኢለን ከይተሓለላ ክሰርሓ ቀንየን። ባህላዊ መግብን መስተን ንኣብነት መግቢ ብመኣዲ ሜስ ብብርለ ተቑሪቡ ክትርእዮ እንክሎኻ ዋላ ጸጊብካ እንክሎኻ ነቲ መኣዲ ግደፎ ኣይመጸካን እዩ። ስለዚ ነዘን ምዕሩግ ዝኾነ ባህላዊ መግብን መስተን ዝቐረባ ኣዴታትን መንእሰያትን ሃማድኤ ዓቢ ምስጋና ይብጽሓየን።

ለንዘበን ንፈስቲቫልና ሓደ ድርብ ድምቀት ዝሃቦ ከተማ ኣስመራ ብምሉእ ድምጺ ዕለት 8ተ ወርሒ ሓምለ ኣባል ኤነስኮ ምዃና ንሹልና ዓቢ ሓጎስ ፈጢሩልና።

ናይ ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓልትን ናይ መኸተ ኣቦወንበርን መግለጺ ኣቐሪቦም።

ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ኤርትራን ህዝባን ዝግበር ዘሎ ሽርሕን ጠቐነን ሓሶትን ዓሎቕን ዘቃልሕን ዶብና ብዘይ ውዓል ሕደር ይተሓንጸጽ ዝብል ሰፊሕ ሰላማዊ ሰልፊ ተኻይዱ።

ለንዘበን ልዕሊ 15 ፈተውቲ ኤርትራ ጀርመናውያን ሓለፍቲ ቤት ጽሕፈታት ብኣካል መጺኦም ምስ ኤርትራ ዘለዎም ዝምድና ሰፊሕ ምሕዝነታዊ መደረ ኣስሚዖም። እቶም ዘይጠዓሞም ድማ ብጽሑፍ ደገፎም ገሊጾም። ብፍላይ ከንቲባ ከተማ ጊሰን ኣብ'ቲ ፈስቲቫል ብኽብሪ ተዓዲማ ነይራ እንተኾነ ግን ብመገሻ ኣብ'ቲ ቦታ ኣይተረኽበትን መልእኽታ ግን ብጽሑፍ ሰዲዳ። በቲ ዝተኻየደ ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ህዝብና ዓቢ ፍናን ተሰሚዕዎ።

ኣስዒቡ ሚኒስተር ዑስማን ህሉው ኩነታት ሃገርና ፖለቲካውን ቁጠባውን ዲፕሎማስያውን መዳይ ብሰፊሑ ኣብሪሁ። ዝቐረቡ ሕቶታን ርኢቶን ድማ ግቡእ መልሲ ተዋሂቦም።

ብድሕሪኡ ብዙሓት መንእሰያት ብዶ/ር፣ ማስትሬትን ዲፕሎምን ዝተመረቑ ብኢ.ድ ሚኒስተር ዑስማን ምስክር ወረቐት ተዓዲሎም። ኣስዒቦም ለንዘበን ማትሪክ ዝሓለፉ ኣብ ዝመጽእ ዘሎ ወርሒ ጥቕምቲ ንዩንቨርስቲ ዝኣትው ብኢ.ድ ሚኒስተር ዑስማ ወረቐት ምስክር ተዋሂቦም።

ንህለው ኩነታትና ዝገልጹ ድራማታት ነይሮም።

መንእሰያት ምሉእ ለይቲ ምስ መዘንኦም ኣብ ኣደራሽ 5ተ በቲ ዝደልዎ ክጻወቱ ሓዲሮም ጐኒ ጐኒ ድማ ኣብ'ቲ ዓቢ ኣደራሽ በቶም ወናማት ኣባላት ባህሊ እንዳ ተበራረዩ ክሳብ ሰዓት 5ተ ናይ ንጉሆ ወጋሕ ኣቢሎማ።

ኣብ ኩሉ ኣደራሻት ብዙሓት ሰባት ምስ ናይ ቀደም ኣዕሩኽቱን ኣዝማዱን ረኺቦም ክስሕቁን ክዘናግዑን ቀንዮም። ገሊኦም ድማ ካብ ሳዕስዒት ከይወጹ ብብሩህ ገጽ ክዘናግዑ ሰንቢቶም። ብዙሓት እዘን 3ተ መዓልቲ ከይተፈለጠና ተወዲኣን እንዳበሉ ንቦትኦም ተመሊሶም።

ሰንበት ድሕሪ ቀትሪ ብዶ/ር ሙሴ ምስግና ኣብ ስደት ህላዌናን ምንትናን ሓድነትናን ብኸመይ ንዓቅቦ ዝብል ሰፊሕ መግለጺ ሂቡ።

ኣብ እዋን መግዛእትን ፈደረሽንን ዝነበሩ ባንዴን ድሕሪ ናጽነትን ብዛዕባ ኣመጻጽኣ ባንዴራ ዝምልከት ደኮሜንታሪ ስእልን መግለጽን ተዋሂቡ።

ንዓበይትን ንኣሽቱን ብዛዕባ ፊዞ ተራፒ ሰፊሕ ኣስተምህሮ ነይሩ።

ብዛዕባ ተተካኢ ጸዓት ማለት ጸሓያዊ ጸዓት ኣቃልቦ ህዝቢ ዝሰሓበ ግብራዊን ክለሳ ሓሳብ ዝሓዘለ ሰፊሕ መብርሒ ሂቦም።

ብድሕሪኡ ሰፊሕ ባህላዊ ምርኢት ነይሩ

ድሕሪ ሰዓት 20:00 ሰንበት ምሸት መንእሰያትን ኣዴታትን ኣቦታትን ኣብ ወፈራ ጽሬትን ንብረት ምጥርናፍን ዝተራእየ ስጡም ምትሕብባር ኹልና እንቋዕ ኤርትራዊ ኮንኩ ዝብል ስምዒት ኣሕዲሩልና።

ክብርን ዝኽርን ንሰውኣትና

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ

ተስፋይ ጀርመን